REGION SKANE መሰነይታ ደብዳቤ

# መጸዋዕታ ንመርመራ ጥዕና

(እዚ ጽሑፍ ንኣናብባ ወድን ጓልን ዘገልግል'ዩ)

ምስ ነርስ ተራኺብካ መርመራ ጥዕና ክትገብር/ሪ ቆጸራ ሒዝናልካ ኣሎና። ናይ ቆጸራ ጊዜን ቦታን - ኣብታ ካልኣይቲ ወረቐት ርአ። እዚ ጻውዒት ትቕበል ዘለኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝመጻእካ ስለ ዝኾንካ እዩ።

ዕላማ ናይቲ ናይ ጥዕና መርመራ፡ ሃለዋት ጥዕናኻ ንኺግምገምን፡ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ጥዑይ ንኽትከውን ንምሕጋዝካ እዩ። እቲ ናይ ጥዕና መርመራ ብዛዕባ ጥዕናኻ ምዝርራብን ናሙና ምውሳድን ዝሓዘ ኮይኑ፤ መግቢ ከይበላዕካ ምምጻእ ኣየድልየካን እዩ። ብቛንቋኻ ተርጓሚ ተዳልዩልካ ኣሎ። እቲ/ታ ተርጓሚ ምስጢር ናይ ምሓዝ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎ/ዋ።

እዚ መጸዋዕታ'ዚ ናይ ጥዕና መርመራ ንኽትገብር ዚዕድም እዩ፥ ኮይኑ ግን እቲ ምስታፍ ብወለንታኻ ትገብሮ እዩ። እቲ ናይ ጥዕና መርመራ ብነጻ ዚግበረልካ ኮይኑ፡ ኣስታት ሓደ ሰዓት ኣቢሉ ዚወስድ እዩ። ክትሳተፍ እንተ ዘይክኢልካ ወይ እንተ ዘይደሊኻ፥ ነቲ ናይ ቆጸራ ሰዓት ክትቅይሮ ወይ ክትስርዞ ብኽብሪ ንሓትት።

ውጽኢት ናይቲ ናይ ጥዕና መርመራ፡ ነቲ ኣብ ሽወደን ናይ ምጽናሕ ተኽእሎኻ ኣይጸልዎን እዩ። ውጽኢት ናይቲ መርመራ ”ሚግራሾንስቨርከት” ንኽርእዮ ኣይወሃቦን እዩ።

ናብቲ መጸዋዕታ ክትመጽእ ከሎኻ (እንተደኣ ኣልዩካ)፡- መለለዪ ካርድ፣ LMA ካርድ፣ ፓስፖርት ወይ መንበሪ ፍቓድ ካርድኻ ተማሊኻ ምጻእ። ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረ ክታበት ዘለዎ ሰነዳት እንተኣልዩካ ውን ንዕኡ ተማሊእካዮ ምጻእ።

ኣብታ ካልኣይቲ ወረቐት፡ ስም ናይታ እትረኽባ ነርስ፡ ናይ ቆጸራ ዕለትን ሰዓትን ኣብኡ ክትርእዮ ኢኻ። ኣድራሻናን ቁጽሪ ተሌፎንናን እውን ኣብኡ ክትርእዮ ኢኻ።

ብደሓን መጹ!